# ድምጽኻ ! ድምጺ ህዝቢ ! ብደቕኻ !
# ተላዒሉ ኣንጻር ደመኛኻ !






ብ /ኣማን ሰላም

ድምጽኻ ድምጺ ህዝቢ ብደቕኻ
ተላዒሉ ኣንጻር ደመኛኻ

እምቢ ንምልኪ ንዲክታቶር ኢሉ
ንዓለም ኣሰምዑ ናይ ፍትሒ ቃሉ

ዓለም እውን ፈሊጥዎ ነዚ ማፍያ ሸፍታ
ኣብ ፍርዲ የቕርቦ ኣሎ ንህዝቢ ኣፈይታ

መርድእ ነቶም ንሕና ንሱ ንሱ ንሕና
ብስራት ካኣ ንውጹዕ ህዝብና

ናይ ሕሉፍ ዓመታት
ታሪኽ !!!!!!!!! ኣርባዓታት

ሃገር ክትህልዉና ከም ዓለምና
ናጽነት ክንበል ኣብ መግዛእቲ ዝእተዉና
ልዕሊ 70 ሺሕ ክቡር ሂወት ከፊልና
ሎሚ እውን ይደግምዎ ኣለዉ ናብ ባርነት ይጉቱና
ይጽንቱ ኣለዉ ህዝብና ይብርስዋ ሃገርና

ኮራኹር ህግደፍ ወጽዓ ህዝቢ ዘይግድሶም
ኣብ ልዕሊ ፈሳታት ሳዕሲዖም ዘሊሎም
ደላይ ፍትሒ ግና ጎዶም ኣውጺእዎም
እምቢ ንምልኪ ኢሉ ኣስምዕዎም
ዘረጥረጥ ከም ዝብሉ ገይርዎም

ኣይዕጸፍን ኢዩ ሓይሊ ህዝብና
ሎሚ ብውጻኢ ኣፍሺልናዩ ኣለና
ጽባሕ እውን ብውሽጢ ሃገርና
ክትስእ ኢዩ ጅግና ህዝብና
ምሉእ ፍትሒ ክገብረልና
መቃጸልታ ዓወትና

እወ ኣናብስ ደቕኺ ኤርትራ ሃገርና
ኣብቲ ቦታ ውዕሎ ምእንቲ መሰልና
ናይ ውጹዕ ህዝቢ ስቃይ ንዓለም ሓቢርና
ዳውን ዳውን ዲክታቶር ነይሩ ጭሮሖና
እምቢ ንምልኪ እወ ሓርነትና
ኣብቂዑ ኢዩ ግዝኣትኩም ጸላእቲ ህዝብና

ደላይ ፍትሒ ተበጊሱ ሓቢሩ
ደጊም ተሲኡ ኢዩ ተበራቢሩ
ነታ ዘይትስገር ትመስል ፍርሓት ሰጊሩ
ሕድሪ ስዉኣትና ክተግብሩ
ህግደፍ ክብንቆስ ካብ ስሩ

ደንበ ኣማን ሰላም
ካብ
ከሰላ ሱዳን